# ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን
# Catholic Eparchy of Keren

Street 609 P.O. Box 460, Keren – Eritrea
Tel. +291-1-401 907 Fax. +291-1-401 604
Email: debanma@gmail.com


፳፭ መስከረም / ያኽኒትሪ ፳፻፲፬
05 October. 2021

**ዝኸበርኩም**
**ኣብ ወጻኢ እትነብሩ**
**ደቂ ካቶሊካዊ ኤጳቅና ከረን**

ብቀዳምነት ሰላም እግዚኣብሔር ምሳኹም ይኹን እናበልኩ ክርስቶሳዊ ሰላምታይ እናቕረብኩ፡ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትኩም ጥዕናን ኣሳልጦን እምነየልኩም።
ኤጳርቅና ከረን ክትምሥረት ከላ ዝኾነ ትሕተ ቅርጽን መበገሲ ትሕዝቶን ብዘይምንባሩን፡ ዝተመስረትሉ ዘመን ኵናት ስለዝነበረ፡ ብድሕሪኡ እውን ኵናት ዘስዓቦ፡ ገና'ውን ዘይተወድኤ ናይ ሽግር ዘመን፡ ካብቲ ዝተሓሰበ ሓደ ሲሶ ጥራሕ ተግቢርና ንርከብ፡ ካልእ ኩሉ ኣስፈሊሉን ተወንዚፉን ይርከብ ኣሎ። ኣብ ርእሲዚ ጸገም ኮቪድ ብምምጻእ ካብቲ ዝነበረና ኣዚዩ ተዳኺምና፡ ዕለታዊ ሕይወት ንምምራሕ እኳ እናተጸገምና ንመጽእ ኣሎና፡ ገበርቲ ሠናይ እውን ነቲ ጠለባትና ካባና ዝኸፍእ ተርእዮታት ኣብ ዘጋጠሞሉ ኣድህቦ ብምሃብ ገዲፎምና ይርከቡ። እንቲ እንኮ ኣማራጺ ናብ ሕዝብና ምምርኳስ ኢዩ፡ በዚ ከኣ  ንምሕጸነኩም ኣሎና። በዚ መሠረት እቲ ብZOOM ዝተገብረ ጉባኤ ነዚ ጸገማት ኤጳርቅና ምእንቲ ከእንግድ ነበረ። ሓዲስ ዓመት ብምሕረት ኣምላኽ ጀሚርናዮ ኣብ ዘሎና፡ ምሳኡ ኤጳርቅና ከረን እውን  ብኣካል ተረኺብና ክንገብሮ ተባሂሉ ዝነበረ 3ይ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ብናይ ለበዳ ኮቪድ ምኽንያት ብZOOM ተገይሩ፡ ብጽቡቕ ምዝዛሙ ኣምላኽ ዝተመስገነ ይኹን።
ናይ መወዳእታ ኣኼባ ቅድሚ ምክያዱ፡ ንኣኡ ንምድላው ሓያለ ኣኼባታት ብZOOM ድሕሪ ምክያድ፡ ኣብ ወርሒ 8 ኣብ 2021 ዛዛሚ ኣኼባ ብZOOM ተገበረ።  ናይዚ ኣኼባ ርእሰ ነገር፡ ንካቶሊካዊት ኤጳርቅና ከረን ብቐጠባ ርእሳ ክትክእል ነፍስወከፍ ተወላዲ/ት ኤጳርቅና ካብ 18 ዕድሙኡ ንላዕሊ ኣብ ዓመት **100 ዶላር** ኣበርክቶ ክገብር ወሰነ፡ ነዚ ዝወሰንዎ ኣብ ኵሉ ምእንቲ ክባጻሕ፡ ንትግባሬኡ ዝከታተሉ ኣብ ነፍሰ ወከፍ ከተማን፡ ሃገርን፡ ሽማግለታት ቈይሞም ኣለው።
ኤጳርቅና ርእሳ ክትክእል ማለት፡ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣገልግሎታት ቀጻልነቶም ምውሓስ ኢዩ፡ንሳቶም ከኣ፡

1. ንንኡስን ዓቢይ ዘርኣክህነት ንምክያድ፡
2. ኣብ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ዝተላእኩ ካህናት
3. ኣብ ምምሃር ትምህርተ ክርስቶስ ንዝተዋፈሩ ካተኪስት
4. መካያዲ መዕበይ ዘኸታማት, ድኻታትን
5. ንመካየዲ መንበረ ጵጵስና. . .

እዚ መደብ ከምቲ ዝድለ እንተ ሰሪሑ፡ ኤጳርቅና ካብ ምጽወታን ልመናን ድሒና ርእሳ ብምኽኣል፡ ግቡእ ስብከተ ወንጌል ክተካይድ ዘኽእላ ኢዩም፡ ብጃኻትኩም ነዚ መደብ ዕዉት ንምግባር ብኹሉ መዳያት ክትተሓባበሩን ክትዕጠቁሉን ሓደራ ኣብል፡፡

በዚ ኣጋጣሚ ንኹልኹም ነዚ መደብ ክውን ንምግባር ዝጻዓርኩምን እትጽዕሩን ዘሎኹምን ብልቢ እናኣመስግንኩ፡ ኣምላኽ ብጸጋታቱ ይሸልምኩም እብል።
ምስ ምስጋና

**TO**
**KEREN EPARCHY FAITHFUL**
**ABROAD**

Forwarding my cordial greetings, in your daily life I wish you health and success.

The Eparchy of Keren right after its establishment started from scratches. The epoch of its establishment was characterized by war and post war consequences which still endangers the ongoing development.  Due to this the Eparchy tried to implement only one third of its plans, the rest remained untouched. While we are in such a miserable situation the emergence of Covid-19 and in some parts of the world in conjunction with it, new war zones worsened the life of the Eparchy to the point of halt.
It is under this situation that, the 3rd International Conference come into existence a providence to the already weak and fragile economic state of the Eparchy. Preparatory zoom meetings were held several times, which paved the way for the final one which took in August 2021, in which a **$100 per year** was allocate to each person above 18 for the upkeep of Keren Eparchy; the purpose of this fund raise is to keep going the following Eparchial operations.

1. Maintenance of Seminary
2. Subsidy for pastoral agents, the Parish Priest, and the Catechists,
3. Maintenance of the Orphans and the needy
4. Running Eparchial offices,

If this program works as desired, the Eparchy will be self-sufficient from its own people in and abroad. I beseech each and everyone to make this program feasible by donating what is decided in the 3rd International Eparchial Conference.
I take this opportunity to thank all those who have made us reach to this stage, and I implore God's blessing upon them and each of you.
With gratitude

✠ ኣባ ኪዳነ

ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን